# ኽቡር ህዝቢ ኤርትራ

ሃገረና ን 30 ዓመት ከቢድ ሹናት ብምግጣም በዙሓት ኣሽሓት ኤርትራውያን ሂወት ከፊሎም ናጽነትና ረኺብና ኢና።
ኮይኑ ግን ህዝቢ ኤርትራ እቲ ዝተጸበዮን ዝተቓለሰሉን ሰላም፣ ፍትሕን ደሞክራስን ካብ ትምኒት ዝሓለፈ ኣይኮነን።

ዘለናዮ እዋን መንግስቲ ኢሳያስ ኣፈወርቂ (ህግደፍ) ፍጹም ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብምምስራት ህዝቢ ኤርትራ ሰብኣዊ መሰሉን ንዑኡ ዝግባእ ክብርን ተቐንጢጡ ንማእሰርትን መቕተልትን ዕዳጋ ወሪዱ ይርከብ።

እዚ ዓፋኒ መንግስቲ ኣብ ኩሉ ክፋል ሃገርና ወታደራዊ ሰበስልጣናት ብምሻም ካብ ህዝባዊ ድልየት ወጻኢ ሃገርን ህዝብን ዘጥፍእ ፖለቲካዊ ስርዓት ይኽተል ኣሎ።

እዚ ብፍጹም ወታደራዊ ሓይሊ ጠጠው ኢሉ ዘሎ ስርዓት ህግደፍ፣ ነጻነት ካብ ዝተረኽበ ጀሚሩ ብዘይ ሃገራዊ ቅዋምን ብዘይ ምንም ዓይነት መረጻን ኣብ ስልጣን ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ከም ዝኾነ ንኹሉ ኤርትራዊ ግሉጽ ኢዩ።

ኹሉ ህዝቢ ኤርትራን ፖለቲካዊ ውድባቱን ዘይተኻፈልዎ ወላ ይኹን  እንበር ሃገራዊ ቅዋም ጸዲቑ ዝተባህለ ውን እንተኾነ ቀምሽ ኣደይ ሓንኹሉኒ ብዝዓይነቱ ምኽንያታት እነዳቅረበ፣ ህዝቢ ኤርትራ ብደሞክራስያዊ መንገዲ ዘመሓድር ይመረጽ ዝብል ሓሳብ ዝነጸገ፣ እነሆ መንገዲ ጥፍኣት ብምምራጽ ውለቀ ሰባተ ዘምልኽዋ ዓፋኒ መንግስቲ ኾይኑ ኣሽሓት ንጹሃት ዜጋታት ንማእሰረትን፣ መቕተልትን፣ ስደትን ተሳጢሖ ይርከብ።

ድሕሪ ዝኹሉ ሓርነታዊ ቃለስን መስዋእትን ኣብዚ ዘመን እዚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ሰላምን ፍትሕን፣ ደሞክራስያዊ መሰሉን ረኺቡ ድኽነትን ሕማማትን ንምጥፋእ ዝጽዕር ናይ መዓልታዊ ህይወቱ ውሕስና ብምስኣን ኣብ ጸልማት ይነብር ኣሎ።

መንግስቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ በብዝተረኽበ ኣጋጣሚታት ምዕባለን ቑጠባን ኤርትራ እንዳማዕበለ ይኸይድ ከምዘሎ ከይሓፈረ ክገልጽ ይስማዕ ኣሎ። እቲ ሓቂ ግን ብግለባጡ ከምዝኾነ እቲ ኣብ ድኽነት ኣትዩ ዘሎ ዜጋ ይመስክር። ልዕሊ ፍርቂ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ እዋን እዚ ተጸባይ ረዲኤት ከምዝኾነ ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ

(እቶም ዝርካቦም) ዓለምለኻ ማሕበረሰብን በጻሕትን ብዝተፈላለየ ጸብጻባት ይገልጽዎ ኣለዉ።

ሃገርና ኤርትራ ኣትያቶ ካብ ዘላ ጸልማት ወጺኣ ናብ መገዲ ልምዓት ክይትኸይድ ዓንቃፊ ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ ክሳብ ዘሎ ህዝብና ቀሲኑ ክነብር ዘይሕሰብ ስለ ዝኾነ፣ ነዚ ዓፋኒን ዲክታቶርያዊ ስርዓትን ንምውዳቕን ኩሉ ዜጋ ከምቀደሙ ሓድነቱ ኣጽኒዑ ክቃለስ ዝግባእ እዩ።

ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻኢን ዘለኹም መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባትን ኩሉ እቲ ኣብ ሓንቲ ደሞክራስያዊትን ሰላምን ቅሳነትን ዝመልኣ ኤርትራ ረብሓ ኣለኒ ዝብል ዜጋ፣ ዘለናዮ እዋን ከቢድ ቃልሲ ዝጠልብ ብምኻኑ ምእንቲ ድሕነት ህዝብናን ሃገርናን እቲ
ዘየረዳድእ ንኅደኒ ገዲፍና ሕብረት ክንፈጥር መማረጺ ዘይብሉ እዩ ክብል ጻውዒተይ የቕርብ።

ኣርቂቕና ንሕሰበሉ ኹልና
ታሓግ በዚሑዎ ህዝብና
ሕጂኸ ናበይ ካብ ስቓይ ናብ ስቓይ
ሎምስ ይኣክል ካብ ንዓይ ንዓይ

ክብርን መጎስን ንስውኣትና
ሰላምን ቅሳነትን ንህዝብና

ሃይለስላሴ ተ/ንኪኤል
ካብ ፍራንክፎርት